*ንመዓልቲ ሰዉኣት ብገዛእቲ ንሞት ዝተፈረዱ፣ተዘክሮ ናይ 48 ዓመት፣ዖና ብሰዲራ ምስያም፣ብኽምዚ ክገልጾ፣ ህዝቢ ኤርትራ ጸኒቱ ኣጉዶታት ነዲዱ፣እንስሳታት ጸኒተን፣ነዛ መዓልቲ መዓልቲ ሰማእታት ሰሚናያ።*

*ኣብ ዖና ንህዝብታት ንምጽናት፣ኣብ ኑኡስ ዕድመይ ተዘክሮ ኣሎኒ፣ህዝቢ ጸኒቱ፣ምስ ነደዳ ዓድታት፣ ኣብ ፎሮብያ ቆልዓ ምስ ሰበይቲ ኣብ ባጎኒታት፣ዋጭ ዋጭ ምስ ኣደታት፣ብዘይ ናቶም ዝምነዩ ሐይልታት፣ንነጻነት ዝተኸፈለ መስዋእትታት።*




*(ህዝቢ ኤርትራ ጸኒቱ ኣጉዶታት ነዲዱ፣እንስሳታት ጸኒተን) ከምኡ ውን ጽንተታት ናይ ሽዕብ ኣቑርደት መዓስ ረሲዕናዮ።*

*ነዚ ምስ ረኤኹ፣ስለ ዝተገረምኩ፣እንዳ ኣስተንተንኩ፣ምስ ሐተትክዎ ነቦይ፣ማዕተብ ምስ ኣሰረለይ፣ ሹዑ ዛንታ ነጊሩኒ ነዓይ፣ሐዊ ነዲዱ ምስ ኮይኑ ዋይ ዋይ፣ሃይለ ስላሴ ድልየቱ ንምርዋይ፣ንኤርትራዊያን ኣስላማይ ክስታናይ፣ እንዳ በለ ክፈላልየና።*



*ህዝቢ ኤርትራ ጸኒቱ ኣጉዶታት ነዲዱ፣እንስሳታት ጸኒተን) ከምኡ ውን ጽንተታት ናይ ሽዕብ ኣቑርደት መዓስ ረሲዕናዮ።*

*ኣብ ዖና ምስያም ህዝቢ ከም ዝሐረረ፣ሐቂ እዩ ኣይኮነን ነበረ፣ ያ ነበረ፣ ብሃጻይ ብደርጊ ዝተገበረ፣ ብሂወቱ ኣሎ ዝቐበረ፣ደቂ ኤረይ ሕጂ ውን ይድገም ኣሎ፣ማፍያዊ ጉጅለ እንዳ በደሎ፣ህዝቢ ኤርትራ ከይጸነተ ከሎ፣ተቀበልቲ ሕድሪ ንድሕነቱ ንዳሎ፣*

*ህዝቢ ኤርትራ ጸኒቱ ኣጉዶታት ነዲዱ፣እንስሳታት ጸኒተን) ከምኡ ውን ጽንተታት ናይ ሽዕብ ኣቑርደት መዓስ ረሲዕናዮ።*

*ከም ዖና ምስያም ብሰዲራ ተፈጺሙ፣ ካብ ራስ ቁሳር ራስ ዲሜራ፣ደቂ ኤርትራ፣ኢደይ ኢድካ ኢልና ንእለዮም ንጭፍራ፣ህዝቢ ኤርትራ፣ካብ ባርነት ህግደፍ ክኸውን ሐራ።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፡ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን፡ካብ ዉሽጢ ሑሩር፡ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።*